# ኤርትራውያን ተቐማጦ ከለን
# ኣብቲ ብምምሕዳር ከተማ ከለን/ኮርሻይለር ዝካየድ ባህላዊ በዓል
# ንሃገሮም ወኪሎም ውዒሎም

ኤርትራውያን ተቐማጦ ከለን፡ ብዕለት 09.06.2013 ካብ ሰዓት 11.00 ክሳብ ሰዓት 18.00 ኣብ ከተማ ከለን ዞና ኮርሻይለር፡ ኣብቲ ብምምሕዳር ከተማ ከለን/ኮርሻይለር ዝካየድ ዓመታዊ ባህላዊ ብዓል ናይ ዝተፈላለዩ ዜጋታት፡ ሃገሮምን ህዝቦምን ወኪሎም ተኻፊሎም ። ኣደታት ናይ እታ ደቃ ብሃገራውነት እተዕቢ ናይ ወለድን ሕጻናትን ማሕበር ኣካል ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን ግሩምን ምዕሩግን ዝኾነ ባህላዊ መግቢን መስተን ብምእንጋድ ብኤርትውያንን ካልኦት ዜጋታትን ተሳተፍቲ ብዓል ዓቢ ኣድናቖት ኣትሪፈን።

ኣዳላዊት መደብ ኣብ መድርኽ ወጺኣ ሓጺር ታሪኽ ኤርትራን፡ ድሕሪ ምግላጽ፡ ሓድነት ብሄራት ኤርትራ ኣብነታዊ ምኻኑ ጠቒሳ፡ ሎሚ ድማ ኤርትራውያን ብሄራቶም ወኪሎም መደብ ክቐርቡልና እዮም ኢላ ድሕሪ ምሕባራ፡ መደብ ሒዞም ተቐሪቦም ዝመጹ መንእሰያት ተመሃሮ ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን ናይ ብሄራት ኤርትራ ባህላዊ ሳዕስዒት ኣርኣዩ ። መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ. ከለን ድማ ብንሓፈሻዊ ሓበሬታ ኤርትራ ብዘንጸባርቕ ጽሑፋትን ኣሳእልን ሃገሮም ምስ ናይ ካልኦት ሃገራት ዜጋታት ኣብ ሓፈሻዊ ኣፍልጦ ሃገሮም ኣቶኪሮም ከላልዩ ብምውዓል ነቲ በዓል ዓቢ ክብሪ ሂበሞ ውዒሎም።

እቶም ኣብ ከተማ ከለን ኣብ ኩሉ ሃገራዊ ጉዳያት ሰሚሮም ዝገጥሙ ኣባላት ማሕበራውያን ሓይልታት፡ ከምኡውን ብሃገሮምን ባህሎም ሕቡናትን ግዱሳትን ኤርትራዊያን ተሰተፍቲ በዓል ድማ ኣብቲ መደባት ብምስታፍን ነቲ ብዓል ዓቢ ክብሪን ድምቀትን ብምሃብ ሰዓት 6:00 ድ.ቀ. እቲ ወግዓዊ መደብ ብሕጉስ መንፈስን ተዛዚመ ።

ዓወት ንሓፋሽ

ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን
ዕለት 09.06.2013